# Suwera Center for Human Rights

## መበል 14 ዓመት ናጽነት ኤርትራ
## ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝበዝሑ ኣብያተ-ማእሰርቲ

ንዝኽሪ ናጽነት ኤርትራ ዝጽንብል መንዩ ወይ ኣበይ ኣሎ?

ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝርከብ ኤርትራዊ ወይ ኣብ መደበራት ታዕሊም፡ ወይ ኣብ ናይ ውግእ ግንባራት ምስ ጐረባብቲ ሃገራት፡ ወይ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ፡ ወይ ከይእሰር ወይ ድማ ናብ መደበር ታዕሊም ከይውሰድ ፈሪሑ ተሓቢኡ፡ ወይ ድማ ንስደት ዘምርሕ ዘሎ ኢዩ። ቀይድታትን ምጽባብን ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታዊ ስነ-ምግባርን ስምዒታትን፡ ምንፋግ ፖለቲካዊ መሰላት። ህዝቢ ኤርትራ ንመራሕቱ ክቕይር ኰነ ክተሓሳሰቦም ወይ ድማ ተቓውሞታቱ ንፖሊሲታት መንግስቲ ብዝኾነ ይኹን ኣገባብ ክገልጽ ኣይፍቀደሉን ኢዩ። መንግስቲ፡ ንናጻ ጋዜጣታት ደው ድሕሪ ምባሉን ኣብ ልዕሊ መርበብ ኢንተርነት ተሪር ምቕጽጻር ክገብር ድሕሪ ምጅማሩን፡ ህዝቢ ኣብ ከባቢኡ ዝኸይድ ዘሎ ምዕባለታት ንምክትታል ዘኽእሎ ናጻ ዝኾኑ ምንጪታት ሓበሬታ የብሉን።

ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ዘይቐረቡ ወይ ቤተ-ሰቦም ወይ ጠበቓታቶም ክረኽብዎም ዘይክእሉ ኣሽሓት እሱራት ኣለዉ። እዚ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ መብዛሕትኦም ኣበናይ ቦታ ተኣሲሮም ከምዘለዉ ውን ኣይፍለጥን ኢዩ። ቍጽሪ ኣብያተ-ማእሰርቲ ካብ ቍጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ይበዝሕ። ኣብ ነፍስወከፍ ቀበሌ፡ ኣብ ነፍስወከፍ ኣሃዱ ናይ ሰራዊት ቤት ማእሰርቲ ኣሎ። ኣብ ርእሲዚ፡ ኣብ ደሴታት፡ ኣብ ትሕቲ ባይታ፡ ኣብ ኮንተይነራት ውን ከይተረፈ ኣብያተ-ማእሰርቲ ኣሎ። ምስቓይን ምግራፍን ዕለታዊ ስራሕ ናይቲ ኣብያተ ማእሰርቲ ኢዩ። ብሰንክዝን ብሰንኪቲ ጽንኩር ኵነታት ማእሰርትን፡ ኣእሙሮኦም ዝስሕቱ፡ ዝለምሱ፡ ብሕጽረት መግብን ካልእ ዓይነት ሕማማትን ተሳቐዮም መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ሞት ዝበጽሑን እሱራት ኣለዉ። መንግስቲ በቲ ንሃገራዊ ኣገልግሎት ዝሰርዕ ሕግታት ስለዘይቕየድ፡ ጸጥታዊ ትካላቱ ኣዋፊሩ ንሃገራዊ ኣገልግሎት ዝወስዶም መንእሰያት ካብ ጽርግያታት ክገፍፍን ገዛውቲ ክፍትሽን ኢዩ ዝርከብ። መንግስቲ፡ ነቲ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ዝብል ሕጊ ናይ ሃገራዊ ኣግልሎት ጥሒሱ፡ ካብኡ ንዝነውሐ ግዜ፡ ኣብ ኣገልግሎት የጽንሖም። ኣብ ገለገለ ኵነታት ክሳዕ 10 ዓመት ኣብ ኣገልግሎት ዝጸንሑ ዜጋታት ኣለዉ። ንዕድመ ብዝምልከት ሕጊ ሃገራዊ ኣገልግሎት ካብ 18-40 ዝዕድሚኦም ዝብል ክነሱ፡ መንግስቲ ግን፡ 15 ዕድመ ዘለዎም መንእሰያትን ልዕሊ 60 ዝዕድሚኦም ሽማግለታትን ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክጸምዶም ይርአ። ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ በቶም ድላዮም ክገብሩ ስልጣን ዘለዎም መኳንንቲ መደበራት ታዕሊም ይዕመጻ ኣለዋ። ስቓያት ናይ ኤርትራውያን ዘመልክት ካልእ ክዝከር ዝግብኦ ተርእዮ ድማ፡ 12 ክፍሊ ዝበጽሑ ተመሃሮ ብምሉኦም፡ ኣብ ሳዋ እተባህለ ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት መዐለሚ ቦታ ኰይኖም ናይ ሓደ ዓመት ኣካዳምያዊ ትምህርትን፥ ናብ ዩኒቨርሲቲ ዘእትዎም ፈተናን ክወስዱ መንግስቲ ኣብ 2003 ዓ.ም ምውሳኑ ኢዩ። እዚ ጽንኩር ኵነታትዚ ከኣዩ፡ በማእት ዝቝጸሩ ተመሃሮ፡ ኣብ መወዳእታ ወርሒ መጋቢት ናብ ሱዳን ክሃድሙ ዝደረኾም።

ሃለዋት ኤርትራውያን ሎሚ፡ ምስቲ ጆናህ ፊሸር እተባህለ ጋዜጠኛ፡ ንዝኽሪ በዓል ናጽነት ናይ ዝሓለፈ ዓ መት ኣመልኪቱ፡ ናብ “ዘ ኢንዲፐንደንት” እትብሃል ጋዜጣ ዓዲ እንግሊዝ ዝጽሓፋ ሓተታ ዝሃባ “ናጽነት፡ ንገለ ኤርትራውያን፡ ንማእሰርትን ስቅያትን መሳጥሒት ኰይና” ትብል ኣርእስቲ ዝሰማማዕ ኢዩ። ኤርትራውያን፡ ንዝኽሪ ናጽነት ኣብ ዝጽንብልሉ ዘለዉ እዋን፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ግህሰታትዚ ደው ክብሉ ኢዮም ዝግብኦም።

ሎሚ፡ ፍልይ ዝበለ ሕልሚ ንምሕላም ዕድል የለን

መደበር ሶይራ ንሰብኣዊ መሰላት
24.05.2005

TEL: +249 183 475792 - FAX: +249 183 475792

E-mail: info@suwera.org - Website: www. suwera.org